# ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዛዕባ ኮሮና-ቫይረስን ስራሕ ዉሑድ ሰዓታትን

**(1) ናይ ውሑድ ሰዓታት እሰርሕን ናይ ኮሮና-ቫይረስ ሕማም ተታሒዘን. ደሞዘይ በቐጻሊ ክኽፈለኒ ዲዩ?**

ኣንተደኣ ንስኹም ሓሚምኩን፣ ወሃብ ስራሕኩም ልሙድ ደሞዝኩም ንክሳብ ሽዱሽተ ሰሙናት ብቐጻሊ ክኽፍለኩም ኢዩ. እዚ ከኣ ዋላ ንስኹም ብኮሮና-ቫይረስ ከምዝሓመምኩም ምስዝረጋገጽ.

**(2) ናይ ውሑድ ሰዓታት እሰርሕን ኣብ ገዛ ተወሺበ ኣለኹም. ኣብ ከምዝ እውን ደሞዝ ይኽፈለኒ ዲዩ?**

ዘይሓመምኩም እንትኾይንኩም፣ ግን ሓኪም ኣብ ገዛ ከምትውሸቡ እንተገሩ፣ ኣብዚ እቲ ናይ ኢንፈክሽን ሕጊ የገልግል. ንሽዱሽተ ሰሙናት እቲ ደሞዝኩም ብቐጻሊ ይኽፈለኩም ኢዩ. እቲ ወሃብ ስራሕ ነቲ ገንዘብ ካብቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ጥዕና ክምለሰሉ ከመልክት ይኽእል ኢዩ.

**(3) ብምኽንያት ኮሮና ዝያዳ ክሰርሕ ኣለንን በዚ ከኣ ነቲ ናይ 450- ኦይሮ ገደብ እሓልፎ ኣለኹ. እዚ ከ ገና ከም ስራሕ ውሑድ ሰዓታት ይሕሰብ ዲዩ?**

እንተደኣ ናይ ዓመት እቶትኩም ንገደብ ናይ 5,400 ኦይሮ ሓሊፉዎ፣ ግድነት ሓደ ማህበራዊ ኢንሹራንስ ክኽፈሎ ዘለዎ ስራሕ ኣለኩም ማለት ኣይኮነን. ሓደ ናይ ውሑድ ሰዓታት ስራሕ ገና ይቕጽል፣ እቲ ምሕላፍ እቶት ሓሓሊፉን ከይተመደበ ዘጋጠመን እንተኾይኑ.

ሓሓሊፉ ማለት፣ ኣብ ውሽጢ  ሓደ ዓመት ካብ 3 ኣዋርሕ ካለንደር  ንላዕሊ ዘይኮነ.

ዘይተመደበ ማለት፣ ኣቐዲምካ ስምምዕ ዘይተገብረሉ.

እቲ መጠን ናይ እቶት ኣብቲ ምሕላፍ ገደብ ተራ ኣይጻወትን ኢዩ. ሓደ ዝለዓለ ወሰን ናይ እቲ ሰለስት ወርሓዊ ምሕላፍ የለን.

**(4) ወሃብ ስርሐይ ገና 450 ኦይሮ ይኽፍለኒ፣ ዋላ እኳ ዝያዳ እንተሰራሕኩ፣ ኣነ እንታይ ክገብር እኽእል?**

እቲ ደሞዝ ምሉኡ ክወሃበኩም መሰል ኣለኩም. እቲ ሰዖታት ስራሕኩም ብጽፈት መዝግብዎን ድሕሪ እዚ ከኣ ነቲ ዝግበኣኩም ገንዘብ ሕተቱ. እንተደኣ ኣብዚ ሓገዝ ኣድሊዩኩም፣ በጃኹም ን ማሕበር ሰራሕተኛታት፣ ማሕበር ሰራሕተኛ ትካል፣ መማኸሪ ነቑጣ ወይ ጠበቓ  ተወከሱ.

**(5) ናይ ሓጺር ስራሕ ገንዘብ ን ናይ ውሑድ ሰዓታት ሰራሕትኛታት ይምልከቶም ዲዩ?**

ኣይፋልን. ገንዘብ ናይ ሓጺር ስራሕ ዝረኽቡ፣ ግድነት ማሕበራዊ ኢንሹራንስ ዝኽፈሎ ስራሕ ዘካይዱ ሰባት ጥራሕ ኢዮም.ሰራሕተኛታት ውሑድ ሰዖታት ገንዘብ ሓጺር ስራሕ ኣይረኽቡን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ካብ ስራሕ ኣልቦነት ኢንሹራንስ ነጻ ስለዝኾኑ.

ኣገዳሲ! እዚ ኮይኑ ግን እቲ ደሞዝኩም ክኽፈለኩም ኣለዎ.

**(6) ከም ሰራሕተኛ ውሑድ ሰዓታት ካብ ስራሕ ካብ ምብራር ክከላኸል ዶ እኽእል?**

ሰራሕተኛታት ውሑድ ሰዓታት ልክዕ ከም እቶም ምሉእ ሰዓታት ዝሰርሑ ሰባት ካብ ስራሕ ዘይምብራር መሰል ኣለዎም. እዚ ከኣ ነቲ ሓፈሻዊ መሰል ዘይምብራርን ነቲ ፍሉይ መሰል ዘይምብራርን ዘጠቓልለ ኢዩ.

ድሕሪ ናይ ስንብት ጽሑፍ ምቕባልኩም፣ 21 መዓልቲ ጊዜ ኣለኩም (ቀዳምን ሰንበትን እውን) ሓደ ናይ ዘይምብራር ጥርዓን ናብ ቤት ፍርዲ ስራሕ ንከተቕርቡ.

ምንጪ

ትርጉም፣ ምሕጻን ምምሕያሽን ብ በኤማ

minijob-zentral.de 2020-03-18

Träger beider Projekt ist:

ARBEIT UND LEBEN Sachsen-Anhalt e.V.

Das Projekt BemA wird gefördert durch:

Links:

Informationen minijob-zentrale.de (Deutsch)

https://blog.minijob-zentrale.de/2020/03/18/coronavirus-und-minijob-ihre-fragen-an-uns/

**መልሲ ንብዙሕ ጊዜ  ዝቐርቡ ሕቶታት ናይ ፈደራል ሚኒስትሪ ናይ ስራሕን ማሕበራዊ ጉዳያትን ብዛ ዕባ ኮሮና (ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት)**

https://www.bmas.de/DE/Presse/Meldungen/2020/corona-virus-arbeitsrechtliche-auswirkungen.html

Infektionsschutzgesetz (Deutsch)

https://www.gesetze-im-internet.de/ifsg/

**መራኸቢ :**

Anne Hafenstein (Deutsch, Englisch/English, Russisch/ Русский)
+49 159 01 83 09 03

Hendrik Lackus (Rumänisch/Romana)
+49 159 01 38 098 99

Gabriela Ruszala (Polnisch/ Polski)
+49 159 01 38 11 10

Pauline Lendrich (Deutsch, English/Englisch, Arabisch)
+49 159 01 38 09 06

Dzhemile Umerova (Englisch/English, Russisch/Русский, Ukrainisch/Український)
+49 159 01 38 09 05